# 🌿 ፖለቲካዊ መደብ ዛራ ሰላም ሚድያ

🌱 **<u>መእተዊ፥</u>** ፖለቲካ ንኹሉ መዓልታዊ ሂወት ኤርትራዊ ሕብረተ ሰብና ኩሉ ግዜ ምስ ጸለዎ እዩ። እንተ ኾነ ግን ፖለቲካዊ ልዝብን ዝርርብን ኣብ መንጎ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ፖለቲካ ጠንቂ ምፍልላይን ዘይምትእምማንን ዘስዕቦ ቃንዛን ኮይኑ ተረኺቡ'ሎ። ነዚ ብምርዳእ ዛራ ሰለማ ሚድያ ንዝኾነ ፖለቲካዊ ኣርእስቲ ብፍልይ ዝበለ ኣቀራርባን ኣጠማምታን ትሕዞ። ንሱ ኸኣ ንዝኾነ ሰልፊ ፥ ጉጅለ ይኹን ስነ ሓሳብ ከይደገፈትን ናብኡ ከይዛዘወትን ምርድዳእን ብኣኽብሮት ዝርርብ ምክያድን ሰላምን ንምምዕባል ትሰርሕ።

🌻 **ፖለቲካዊ ትሕዝቶኣዊ ነጸብራቕና** ኣብ ሓቅን ፍትሕን ኣብቲ ምስ ግዜ ዘይኣረገ ባህላዊ ውርሻ ወለድና፡ ትሕትና፣ ሓቅነት፥ ጸረ ስስዐን ክብሪ ኣብ ነንሕድሕካ ክኸውን እዩ። ፖለቲካዊ ትንተናታትና መሃሪ እምበር ዘይ ፈላላዩ ፣ ናይ ልዝብን ዝርርብን ማዕጾ ዝኸፍት እምበር ዘይዓጹ ክኸውን ኣለዎ ኢልና ንኣምን።

ፖለቲካዊ ገጻትናን ትንተናታትናን ልቦናውን ጸግዒ ፖለቲካዊ ውድባትን ሓይልታትን ዘይብሉን ክኸውን እዩ። ፖለቲካዊ ኣርእስታትን ጸገማትን ብንጹርነትን ትብዓትን ኮይኑ ኩሉ ግዜ ንዘሎ ፍልልያት ንምጽባብን ምጽጋንን ሓድነት ንምትብባዕን ኤርትራያን ደጊሞም እንደገና ዋላ ኣብ ርእይትኦም ዘይሰማምዕሉ ኣርእስቲ ብህድኣትን ብምክብባርን ዝዘራረብሉ ባህሊ ምምዕባል እዩ።

🌳 **ጽኑዕ መትከላዊ መርገጽና** ካብ ፖለቲካዊ ጸጊዕነት ነጻ ኮይኑ ፖለቲካዊ ዝንባሌ ዘይብሉ ንሓቅን ሰላምን ናይ ህዝብና ጥዑይ ሂወትን ዝምርሐ እዩ።

እቲ ኣብ ማሕበረ ሰብና ዘሎ ፍልልይ ዓሚቕ ኮይኑ ኣብ ነንሓድሕድካ ምጥቕቓዕን፣ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ምጽላምን፣ ሓደ ነቲ ሓደ ብኽድዓትን ብጥልመትን ነቶም ምእንቲ ነጻነት ዝወደቑ ሰዉእትና ምኽሳስን ዝትሕዝትኡ እዩ። እንተ ኾነ ግን እዚ ኩነታትን ሃለዋትን እዚ ኣብ ሓደ ግዜ ክሰበርን ጠጠው ክብልን ኣለዎ። ስለ ዝኾነ ድማ ዛራ ሰላም እንተዝይ ኮይና መን ክጅምሮ? ሕጂ እንተ ዘይተጀሚሩ መዓስ ክብገስ? እንተ ዘይኮነ በቲ ንኽእሎ በቲ ዝለዓለ ደረጃ እንተዝይ ፈቲንና እዚ ኩነታት ሕብረተ ሰብና እዚ ከብቅዕን ክጽገንን ክጅምር ኣይክእልን እዩ።

🌿 ዛራ ሰላም ኩላህና ኤርትራውያን ዝሃለወ ፖለቲካዊ ርእይቶን መርገጽን ይሃልወና ኣብ ሃገርነትን ልዑላውነትን ኢርትራናን ኣብ ክብሪ ሰዉኣትናን ክንሓብርን ሓደ ርእይቶ ክህልወና

ከምዝግብኣናን ከምዘለናን ትኣምን። ነዚ ዘየጸንባርቐን ዝሃሰን መርገጽን ትሕዝቶን ድማ ብሓድነት ክንምክቶ ይግባኣና።

🌸 ፖለቲካን ህዝባዊ ልዝብን፡ ፖለቲካ ህዝባውን ሕብረተሰብኣውን ዋኒን ስለ ዝኾነ ልዝብን ዝርርብን ናይ ግድን እዩ።

🍀 ኣገባብ ኣተሓዝ ዛራ ሰላም፡ ኣትኩሮና ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን፡

- ሲቪላዊ ናይ ሕድሕድ ኣኽብሮት ዘለዎ ዝርርብ
- ዝዝረበሉ ኣርእስታት ብንጹርነትን ፍትሓውን ሚዛናውን ምቕራብ
- ኣብ ክንዲ ተጻራርነት ምርድዳእ ዘለዎም ርእይታት ምህብታም ምምዕባልን
- ፖለቲካዊ ትምህርትን ብኣፍልጦ ተሳትፎን ምድጋፍን ምትብባዕን - ኣብ 'ኢለሞ' ዘይተሞርከሰ

🍃 እዚ ኣትኩሮ እዚ ስለምንታይ ኣገዳሲ ይኸውን?

ጥዕና ዘለዎ ፖለቲካዊ ዝርርብ ሓያል ዝኾነ ዲያስፖራ ይሃንጽ። ኣብ ነንሕድሕድና ነቕርቦ ሓሳባት ጽን ኢልና ምስ እንሰምዕ ዋላ ኣብ ርእይቶ ንፋላለየሉ ግዜ ንልዝብን ሓባራዊ ዕብየትን ዝምችእ ኩነታት ንፈጥር።

## ፖለቲካዊ መእተዊ ብትግርኛ ኣብዚ ጠውቑ